
# ትፈልጥዶ?

- ኣብ ኖርወይ ኩላቶም መንእሰያት፣ 5-3 ዓመት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ/ሃይስኩል ብናጻ ክመሃሩ መሰል ከም ዘሎዎም።

- ወላ'ኳ ሞያዊ ትምህርቲ እንተ መሪጽካ፣ ናብ ሞያ ዘምርሕ ተወሳኺ ትምህርቲ (Påbygg) ብምውሳድ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ ኮለጅ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።

- ናይ ሞያዊ ብቕዓት ምስክር ወረቐት (Fagbrev) ኣሎካ እንተኾይኑ ሸውንሸው ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። ሓፈሻዊ ትምህርቲ ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንክትቅጽልዝዓለመ(ስቱድየስፔስያሊሰሪንግ/ Studiespesialisering) ትወስድ እንተ'ሊኻ ግን እንተ ወሓደ ተወሳኺ ሰለስተ ዓመት ክትመሃር ኣለካ።

- ብዙሓት ዓይነታት ሞያ፥ ብዙሕ ትምህርቲ ምውሳድ ዘየድልዮም ግን ልዑል ደሞዝ ዘለዎም ኣሎው።




## ብዛዕባ ሚር/MiR

Multikulturelt Initiativ og Ressursnettverk/ተበግሶ ባህላዊ ብዙሕነትን ምንጪ መርበብ ርክብን (ሚር/ MiR ) ካብ ብሄርን ማሕበራዊ ድሕረ ባይታን ናጻ ዝኾነ ካብ/ን ወለዲ፣ ቈልዑን መንእሰያትን መርበብ ርክብ እዩ። ንመዋእለ ሕጻናት፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ዝምልከት ጉዳያት ከኣ ብኣረኣእያ ባህላዊ ብዙሕነት ምኽርን ሓገዝን ይህብ። ሚርፍ/MiR ብተወሳኺ ንገለ ጉጅለታት ምስ መንግስትን ሕብረተሰብን ርክባት ኣብ ዝገብሩሉ ከም ኣፈኛ ኮይኑ የገልግል።

ራእይ ናይ ሚር/MiR ኣብ መንጎ ወለዲን፣ ቈልዑን፣ መንእሰያትን ሕብረተሰብን መራኸቢ ድንድል ምኻን እዩ። ከም ውጽኢት ከኣ ህይወትካ ምቍጽጻር፣ ሓድሕዳዊ ምርድዳእን ማዕርነታዊ ተሳታፍነት ክብ ንኽብል የበርክት። እቲ ውድብ ካብ ፖለቲካ ይኹን እምነት ጸግዒ የብሉን።

### ኣገደስቲ መርበባት ሓበሬታ

vigo.no
utdanning.no
vilbli.no
velgriktig.no
nhoung.nho.no
yrke.no

ሓገዝ ዝተዋህበ ካብ፣

Bufdir


Multikulturelt Initiativ og Ressursnettverk
Torggata 31, 0183 Oslo
Telefon: + 47 46511176
Email: post@mirnett.org
Nettside: www.mirnett.org


# ተበግሶ ባህላዊ ምንጪ ብዙሕነትን ምንጪ መርበብ ርክብን



መንእሰያትን ናይ ትምህርቲ

ምርጫን

ንውላድኩም ንዕኦም

ትኽክል ዝኾነ ትምህርትን

ስራሕን ንኽመርጹ ብኸመይ

ክትሕግዙዎም ትኽእሉ?

TIGRINIA

Multikulturelt Initiativ og Ressursnettverk

ኩሎም ወለድቲ ንውላዶም እቲ ዝበለጸ ይምነይሎም .........
......ግንከ ወለዲ ኩሉ ግዜ እቲ ዝበለጸ ይፈልጥዎ ማለት ድዩ?

ሕጂ፥ ውላድካ ኣገዳሲ ምርጫ ዝወስደሉ ግዜ እዩ። ወለዲ ደቆም ንናይ ገዛእ ርእሶምን ንመጻኢ ዝበቅዕን ምርጫ ክወስዱ ክሕግዙዎም ኣገዳሲ እዩ። ብዙሓት ወለዲ ደቆም ልዑል ትምህርቲ ረኺቦም ሽም ዘሎዎ ስራሕ ክረኽቡ ይመነዩ።

ውላድኩም ምንባብ መጽሓፍን ትምህርትን ዘይፈቱ እንተኾይኑ፡ ሞያዊ ትምህርቲ ክወስድ ጽቡቕ እዩ።

ሓደ ኤለትሪከኛ ከም መጀመሪ ደሞዝ ዝረኽቦ ካብ ናይ መምህር ዝልዕል ምኻኑ ትፈልጥዶ?

ዝለዓለ ትምህርቲ ከይወሰድካ ብዙሕ ገንዘብ ክትረኽበሎም ትኽእል ብርክት ዝበሉ ስራሕ ኣለዉ።

## ትምህርቲ፡ ሞያን ጾታን

ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት፡ ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂ ኣስንትዮን ዝሰማምዑ ዓይነታት ትምህርትን ሞያን ዝተፈላለዩ እዮም። ብዙሓት ሞያታት ከም ልሙድ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ዝኾኑ ዝሓሸ ኣታውን ክብ ዝበለ ሽምን ዝህቡ እዮም። ኣብ ኖርወይ ኩላቶም ዓይነታት ትምህርቲን ሞያታትን ኣዋልድ ይኹን ኣወዳት ክምረጹ ይኽእሉ እዮም። ብዙሓት ናይ ኢደ-ስራሕ ሞያታት ጽቡቕ ደሞዝን ውሑስ ስራሕን ይህቡ።

ሓደ ጽቡቕ ስራሕ ኑብሰኻ ከም ትኽእልን ናይ ካልኦት ሰባት ጽግዕተኛ ከም ዘይትኸውን ይገብረካ።



ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሓት ኣዋልድ ካብ ኣወዳት ብዝያዳ ላዕለዋይ ትምህርቲ ወሲደን። ጓልኩም ሓንቲ ካብኣተን ድያ?

መንእሰያት፡ ንመጻኢኦም ኣብ ግምት ብምእታው ምስቲ ድሌታቶምን ዓቕሞምን የማልእ ዝበሉዎ ትምህርትን ሞያን ናጻ ኮይኖም ክመርጹ ይግባእ።

## ብሓባር ጽቡቕ ፍታሕ ርኸቡ!

ከም ወላዲ፡ ንመንእሰያት ደቅኻ ንዕኡ ትኽክል ዝኾነ ምርጫ ክወስድ ብኽምዚ ክትሕግዞ ትኽእል:

- ንናይ ደቅኻ ድሌታት ስማዕ / ጽን በል! ናቶም ሂወት እምበር ናትካ ሂወት ኣይኮነን።

- ኣየኖት ሞያታት እዮም ብቐሊሉ ስራሕ ዝርከቦም?

- ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ተሳተፍ፡ ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ኣብ ዝካየድ ትምህርታዊን

ሞያዊን ዓውድደ ምርኢት (ኣግዚቢሽን)/ yrkes-og utdanningsmessen ከኣ ብጻሕ።

- ኩላተን ኣብያተ ትምህርቲ ብዛዕባ ትምህርትን ቤት ትምህርቲታትን ብዙሕ ኣፍልጦ ዘሎዋ ኣማኻሪ ኣሎወን፡

ንዓኣ ኣዘራሪብኩማ ትፈልጡዶ?

ደቅኹም ናይ መጻኢ እንታይ ዓይነት ሕልሚ/ባህጊ ኣሎዎም?



ንውላድካ ንስኻ ኢኻ ጽቡቕ ጌርካ ትፈልጦ ኣብ ምንታይ ንፋዕ ምኻኑ ውን ትፈልጥ።




ምስ ውላድካ እንታይ ክገብር ከም ዝፈቱ ተዘራሪብካ ትፈልጥ ዶ?

እቲ ክብጻሕ ዝኽእል ኣብ ክውንነት ዝተመርኮ ሰኸ ኣየናይ እዩ?

